ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 25
ታሕሳስ 2020

# መንግስቲ ተረርቲ ሕግታት የውጽእ

**እዚ ለበዳ ኣብ ኤውሮጳ ዝያዳ ይበዝሕ ኣሎ። ኣብዚ ኣብ ሽወደን እውን መንግስቲ ዝተረረ ሕግታት የውጽእ ኣሎ።**

እዚ ለበዳ ኣብ ኤውሮፓ ዋላ'ውን ኣብ ሽወደን ይበዝሕ ኣሎ። ሰራሕተኛታት ሕክምና ንብጽኑዕ ዝሓመሙ ክኣልዩ እንተኾይኖም ኩላትና እዚ ለበዳ ንኸይላባዕ ናይ ግድን ኣበርክቶና ክንቅጽል ኣለና።

"ኩነታት እናጸንከረ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ምልባዕ ናይዚ ለበዋ ልዑል ኮይኑ ሰራሕተኛታት ሕክምናን መእለዪ ኣረጋውያንን ለይትን መዓልትን ይሰርሑ'ለው": ኢሉ ኣቐዲሙ ስቴፋን ሎፍቬን። ኩሉ ሰብ እንታይ ክገብር ኣለዎ ንምንጻር  ሎሚ ዝያዳ ዝተረሩ ሕግታት ይወጹ ኣለው።

ኣብ ድኳናት ጽቕጥቕጥ ክህሉ የብሉን። ወነንቲ ድኳናትን ሱፖርማርኬታትን ኣብ ሓደ ግዜ ክንደይ ዝኣኽሉ ሰባት ውሑስ ብዝኾነ ኣገባብ ክዕድጉ ይኽእሉ ንዝምልከት ክጽንዑ ኣለዎም። ብድሕሪኡ ካብቲ ክህልውዎ ዘለዎም ብዝሒ ንላዕሊ ኣብ ድኳኖም ወይ ሱፐር ማርኬቶም ኣብ ሓደ ግዜ ንኸይህልው ናይ ግድን ክምድቡ ኣለዎም።
- ኣብ መንጎ ልደት ፈረንጅን ሓዱሽ ዓመትን ኣብ ዘሎ መዓልታት ድኳናት ብምግዳል ዋጋ ይሸጣ'የን። እዚ ዓመት ግን ድኳናት ምግዳል ዋጋ ከይገብራ ምሕጽንታ ተዋሂብወን እዩ።

ካልኣይ ደረጃ ኣብያተትምህርቲ ክሳብ 24 ጥሪ ናይ ርሕቀት ትምህርቲ ጥራይ ክህባ እየን።
8 ሰባት ዝነበረ 4 ክኸውን'ዩ። ኣብ ቤት መግቢ ኣርባዕተ ሰባት ጥራይ ኣብ ሓደ ኮፍ መበሊ ብሓባር ኮፍ ክብሉ ኣለዎም። ድሕሪ ሰዓት 8 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ቤት መግብታት  ኣልኮላዊ መስተ ክሸየጥ የብሉን።( ካብ ዕለት 24 ታሕሳስ ጀሚሩ ግብራዊ ይኸውን)
ኩሎም ኣብ ገዛ ኮይኖም ክሰርሑ ዝኽእሉ ናይ ግድን ከምኡ ክገብሩ ኣለዎም።

ኣውቶቡስ ወይ ባቡር ክትጎዓዝ እንከለኻ መከላኸሊ ማስኬራ ክህልወካ ኣለዎ። ካብ ዕለት 7 ጥሪ ጀሚሩ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት ግብራዊ ይኸውን። ማስኬራ እንተዘይብልካ ኣብ ኣውቶቡስ ወይ ባቡር ክወሃበካ እዩ። ኣብ ከተማን ገጠርን እዚ ሕጊ ሓደ እዩ።

### መከላኸሊ ማስኬራ ኣብ ልዑል ጻዕቒ ተሳፈርቲ ዘለዎ ናይ ህዝቢ መጐዓዝያ

ምጥቃም መከላኸሊ ማስኬራ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ከም ዝጠቅምን ዘይጠቅምን  ዘርኢ ዝኾነ መጽናዕቲ የለን። እዚ ለበዳ ዋላ መከላኸሊ ማስኬራ ኣብ ዝጥቀማ ብዙሓት ሃገራት እውን  የስፋሕፍሕ ኣሎ።

"እቲ  ልዕሊ ኩሉ ኣገዳስን ውጽኢታውን ኣገባብ ምክልኻል መልከፍቲ ርሕቀት ምሕላው እዩ። ኣብ ዘይከኣለሉ እዋን ግን ዝተወሰነ ተራ ክጻወት ይኽእል'ዩ"; ይብል ዮሃን ካርልሶን ሓላፊ ኣብ ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን።

ዕለት 7 ጥሪ ብዙሓት ቆልዑ ናብ ቤትትምህርቲ እንደገና ክኸዱ ክጅምሩ'ዮም። ብተወሳኺ ብዙሓት ዓበይቲ ናብ ስራሕ ክምለሱ እዮም። ሽዑ ኣብ ገለ ኣውቶቡሳት ወይ ባቡራት ጻዕቒ ክፍጠር ይኽእል'ዩ።

### ርግጸኛ እንተዘይኮንካ ንቤትትምህርቲ ወይ ኮሙንካ ሕተት

ኩለን ኮሙናት  ኣብያተንባብ: ቤተመዘክራት: መሐንበሲ ማእከላት : ስታድዮማትን ክፉት መውዓሊ ህጻናትን ዓጽየን እየን።

ኣብ ገለ ኮሙናት ካልእ እውን ተዓጽዩ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ርግጸኛ እንተዘይኮይንካ ኩሉ ግዜ ንቤት ትምህርቲ ወይ ኮሙንካ ሕተት።

### ሙዉቕ ሰላምታ

ኣሻቓሊ ግዜ'ዩ። ግን ንሕና ካብ ምድላው ህጹጽ ኩነታት ኣውራጃ ካልማር  ንኩልኹም ንሓዱሽ ጽሑፍ ናይ ኮሮና ተንብቡን ትዝርግሑን ሰላምታና ንልእኽ።

ዋላ’ውን ኩሉ ነገር ንቡር ተዘይኮይነ : ግርም ዝኾነ ናይ ልደትን ሓዱሽ ዓመትን መዓልታት ከተሕልፉ ንትስፎ። ደገ ብብዝሒ ውጹን ርሕቀት ምሕላው ቀጽሉን!

ብሓባር ንጸመም!

Krissamverkan Kalmar län

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**
እዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ  ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ይመጽእ። ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር  ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ: ዞባ ካልማር:  ባይቶ ኣውራጃ ካልማርን ካልኦት ኩሎም ሰበስልጣናት ናይዚ ኣውራጃን እዩ። ኣብ ግዜ ቅልውላው ናይዚ ሕብረተሰብ ብሓባር ንውስንን ነንሕድሕድና ንተሓጋገዝን።

facebook.com/krissamverkan.kalmar

Kalmar kommun